# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ጥሪ 3ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

**መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"**

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **18 ጥሪ 2016** | **1 ሳሙ 15፥ 16-23<br>መዝ 50፥ 8-9፣ 16-17, 21, 23<br>ማር 2: 18-22** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል ምዕራፍ 15 ብዛዕባ ንጉሥ ሳኦል ንእግዚኣብሔር ብዘይምእዛዙ ካብ መንግሥቱ ከም ዝወረደ ይነግረና። "እግዚኣብሔር ከኣ 'ኪድ ነቶም ኃጥኣን እማሌቃውያን ፈጺምካ ኣጥፍኣዮም፣ ክሳዕ ዚውድኡ ድማ ተዋግኣዮም' ኢሉ ሰደደካ። ስለምንታይ ኢኻ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ዘይፈጸምካ? ስለምንታይከ ናብቲ ዝተዘምተ ጐይኻ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክፉእ ገበርካ?' በሎ። ቀጺሉ "ንእግዚኣብሔርሲ ዚሓርር መሥዋዕትን፡ መሥዋዕቲ ሕሩድን፡ ከም ትእዛዝ ቃሉ ገይሩዶ የሐጕሶ እዩ? እንሆ፡ ንእኡ ምእዛዝ ካብ መሥዋዕቲ፡ ናብ ቃሉ ጽን ምባል ድማ ኻብ ስብሒ ደዓውል ይበልጽ። ዕልወት ከም ኃጢኣት ጥንቍልና እዩ፡ ህልኽ ከኣ ኸም ምምላኽ ጣዖት እዩ። ንስኻ ቃል እግዚኣብሔር ንዓቕካ ንሱ ኸኣ ኻብ መንግሥትኻ ደርበየካ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ድማ "ኦ ሕዝበይ፡ ስማዕ ኣነ ክዛረብ እየ። ኦ እስራኤል ኣነ እንጻርካ ኽምስክር እየ። ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። ብዛዕባቲ ኣብ ቕድመይ እተቕርቦ መሥዋዕትታትን ዚሓርር መሥዋዕትን ኣይወቕሰካን እየ።  . . . 'ከመይ ጌርካ ኢኻ ቃላተይ እትደግም? ብዛዕባ ኺዳነይውን ክትዛረብ እትደፍር? ክእርመካ እንተ በልኩ ተግሳጸይ ትጸልእ፡ ንትእዛዛተይ ንድኅሬኻ ትድርብዮ። . . . እዚ ኹሉ ጌርካ ኣነ ስቕ በልኩኻ፡ ስለዚ ከማኻ ዚኾንኩ መሰለካ፣ ግናኸ ኣነ ኽግስጸካ፡ ንኃጢኣትካውን ከፍልጠካ እየ። . . . መሥዋዕቲ ምስጋና ዚሥውዓለይ የኽብረኒ፣ ነቲ ዚእዘዘኒ ኹሉ ኸኣ ኽድኅኖ እየ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ ከኣ ብዛዕባ ጾም ምጻም ይዛረበና። "ደቂ መዛሙርቲ ዮሓንስን ደቂ መዛሙርቲ ፈሪሳውያንን ይጾሙ እዮም፣ ስለምንታይ ደቂ መዛሙርትኻ ዘይጾሙ? ድማ በልዎ። ኢየሱስ ከኣ፡ 'ኣዕሩኽ መርዓዊ እቲ መርዓዊ ምስኣቶም ከሎስ ኪጾሙ ኣይኮነሎምን እዩ። እንተኾነ ግዳ መርዓዊ ኻብኣቶም ዚውሰደላ መዓልቲ ኽትመጽእ እያ፣ ሽዑ እታ መዓልቲ እቲኣ ኺጾሙ እዮም።" ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ንኣምላኽ መሥዋዕቲ ምቕራብን፡ ጾምን፡ ንኣምላኽ ምእዛዝን ይምህረና። ኹሉ ድሕሪ ንኣምላኽ ምእዛዝ ከም ዝመጽእ ኣነጺሩ ይነግረና። ንሕና ኣብ ቤት ኣምላኽ ንመሥዋዕቲ ዚኸውን ሒዝና እንተቐረብና፡ ወይ ምጽዋትን መባእን ኣብዚሕና ሒዝና እንተመጻእና፣ ብሕይወትናን ተግባራትናን ግና ትእዛዛት እግዚኣብሔር ዘይነኽብር እንተኾይና ኣምላኽ ኣይቕበለናን እዩ። ብውህበትና ንኣምላኽ ክንጥብሮ ኣይንኽእልን ኢና። ኣምላኽ ጐይታ ሕይወትና ክኸውን እዩ ዚደሊ። ንርእስና ወይ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ሃብቲ ከነቐድም ኣይደልን እዩ። በቲ ዓለማውያን ዝገብርዎ መንገዲ (ብዓመጽ፣ ምትላል፣ ስርቂ፣ ጉቦ ወይ ካልእ ናይ ኃጢኣት መንገዲ) ገንዘብን ጥሪትን ኣኪብካ፣ ካብኡ ብዙሕ ምጽዋት ንቤተክርስቲያን ወይ ንድኻታት እንተ ሃብካ፡ ንኣምላኽ ኣየሓጉሶን እዩ።  ኣምላኽ ክንሳሕን፡ ክንእረምን ጽሩይ ልቢ ከነወፍየሉን ይጽበየና። መሥዋዕትና ከምቲ ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ዝፈልጦን፡ ዝእዘዞን፡ ዘፍቅሮን ዝነበረ ከም ናይ ኣቤል መሥዋዕቲ ክኸውን ኣለዎ። ንጉሥ ሳኦል ግና ንኣምላኽ ብዘይምእዛዙ ንግሥነቱ ከም ዘጥፍአ ንርኢ ኣሎና። ብኃጥኣቱ ኣብ ክንዲ ምእማን፡ ንእግዚኣብሔር ኢሉ ከም ዝገበሮ የመኽኒ። "ኦ ጐይታ ይቕረ በለለይ። ኣነውን ኣብ መዓልታዊ ሕይወተይ ናይ ዓለምን ነገራት እናደለኹን፡ ብፍትወት ሥጋይ እንዳ ተመላለስኩን ከለኹ፣ ሰናብትን በዓላትን ኣብ ቤተ መቕስካ መባእ ሒዘ እንተ መጻእኩ፡ ጽቡቕ ዝገበርኩ ይመስለኒ። ንስኻ ግና እዚ ከም ዘይኣክል ትነግረኒ ኣሎኻ። ልበይ ክህበካን ካብ ኃጢኣተይ ክምለስን ትጽውዓኒ ኣሎኻ። ጐይታይ ናይ ትሕትናን ተእዝዞን  መንፈስ ሃበኒ። ለውጠኒ። ኩሉ ሓላፊ ምኽኑን ዕድሜና ከኣ ሓጻር ምኧና ከም ዝርዳእን ግበረኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 19 **ጥሪ** | 1 **ሳሙ** 16፡ 1-13<br>**መዝ** 89፡ 20-22, 27-28<br>**ማር** 2፡ 23-28 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኢል ምዕራፍ 16 ኣምላኽ ንዳዊት ከም ዝቐብአ ይነግረና። ሳሙኤል ነቢይ ናብ ቤት እሰይ ከይዱ ንኩሎም ደቁ በብሓደ ርእዩ “እግዚኣብሔር ኣይኃረዮን” እናበለ ጸኒሑ፣ ኣብ መጨረሻ ነቲ ዝነኣሰ ዳዊት ምስ ረኣየ፡ “እግዚኣብሔር ከኣ ‘ንሱ እዩ እሞ ተንሢእካ ቅብኣዮ’ በሎ። ሽዑ ሳሙኤል ናይ ዘይቲ ቀርኒ ወሲዱ ኣብ ቅድሚ ኣኅዋቱ ቐብኦ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ድማ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ዳዊት መጸ። ሳሙኤል ድማ ተንሢኡ ናብ ራማ ኸደ።” ይብለና።<br>• መዝሙር ድማ “ንዳዊት ባርያይ ረኺበዮ፡ ብቕዱስ ዘይተይ ቀቢአዮ፣ ኃይለይ ኩሉ ግዜ ምስኡ ኪኸውን እዩ፣ ቅልጽመይ ከኣ ኬበርትዖ እዩ። . . . ኣነውን በዅረይ ኪገብሮ እየ፡ ንሱ ካብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኪኸውን እዩ። ነቲ ዘተስፈኹዎ ምሕረት ንዘለዓለም ኪሕልወሉ እየ፣ ኪዳነይውን ኪጸንዓሉ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ጐይታ ሰንበት ከም ዝዀነ ይምህረና። “ፈሪሳውያን ከኣ ‘እስከ ረአ! ደቀ መዛሙርትኻ ስለምንታይ ብሰንበት ኪግበር ዘይተፈቕደ ይገብሩ ኣለዉ?’ በልዎ። . . . ሽዑ ኢየሱስ ንኣኣቶም ’ሰንበት እያ ምእንቲ ሰብ ዝተሠርዐት እምበር፣ ሰብ ምእንቲ ሰንበት ኣይተፈጥረን። እምበኣርከስ ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት እውን እዩ’ በሎም።” ይብለና።<br><br>ንጉሥ ዳዊት ኣምሳል ናይቲ ኪመጽእ ዝነበሮ ዘለዓለማዊ ንጉሥ ኢየሱስ እዩ ዝነበረ። ኢየሱስ ጐይታ ሰንበትን ጐይታ ኩሉ እምነትናን ኣምልኾናን እዩ። ነቶም መማህራን ሕጊ ዝዀኑ ፈሪሳውያን እቲ ሓቐኛ ትርጉም ኣምልኾን እምነትን ይምህሮም ኣሎ። ክርስቲያን ንቃል ኣምላኽ ብዙሕ ዝተፈላለየ ትርጉም ክህብዎ ከለዉ ንርእን ንሰምዕን ኢና። ከምኡውን ደቂ ሰባት ብቐሊሉ ካብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ መንገዲ ኪወጹውን ብዙሕ ግዜ ንዕዘብ ኢና። እቲ ሓቐኛ ቃል ኣምላኽ ካብ ክርስቶስ ዝምንጩን፡ በቲ ብሓዋርያትን፡ ኣበውን፡ ር.ሊ.ጳጳሳትን ጳጳሳትን ብኅብረት ንቤተክርስቲያን ዚመርሑን ዘጽንሑልና ትምህርቲ እዩ። ንእኡ ሒዝና ክንመላለስ የድልየና። ቅብኣት ካብ እግዚኣብሔር ምዃኑን፡ ንሕዝበ እግዚኣብሔር ንዘመርሑ ዘወሃብን ናይ ሥልጣን ምልክትን፡ ነቲ ዝስከምዎ ሓላፍነት ዜኽእሎም ኃይልን ጸጋን መንፈስ ቅዱስ ምፍሳሱን እዩ ዜመልክት። እቶም ንኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ዝተቐብኡ ኩላቶም፡ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ደኣምበር ብክእለቶም ንሕዝበ እግዚኣብሔር ብግቡእ ኪመርሑ ከምዘይክእሉ ኩሉ ግዜ ክዝክሩን፡ ኣብ ጸጋኡ ከም ዝህልዉ ከረጋግጹን ሓላፍነቶም እዩ። ከመይ ነቲ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ንኣምላኽ ብብምእዛዝ እሙናት ንዘይኮኑ ኣገልገልቱ፣ ከምቲ ንሳኦል ገዲፉ ንዳዊት ደልዩ ዝረኸቦ፣ ከምኡ ኣምላኽ ኬገልግልዎ ዝኽእሉ ሰባት ኣይስእንን እዩ። ቅብኣተ ሜሮን ከኣ ንኩልና ካብዚ ናይ ኣገልግሎት ሓላፍነት ኣልቢሱና እዩ። ከም ሰዓብቲ ክርስቶስ ኮይና ኣብ ቅድሚ ዓለም ንምብራህ ተቐቢእና ኢና። ቅብኣትና ከንቱ ኣይንግበሮ። ነቶም ቃል ኣምላኽ ዘይፈልጡ ብሕይወትና ኣብነት ብምዃን ናብ ጽቡቕ ንምርሓዮም እምበር ዕንቅፋት ኣይንኹን። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንስኻ ጥዑምን ሕያዋይን ሰላማውን መፍቀርን ኢኻ። ንኣኻ ክመስልን፡ ነዚ ናትካ ባህሪ ኬንጸባርቕን ጸጋኻ ኣብዝሓለይ።” |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| 20 **ጥሪ** | 1 **ሳሙ** 17፥ 32-33, 37, 40-51<br>**መዝ** 144፥ 1-2, 9-10<br>**ማር** 3፥ 1-6 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1 ሳሙኤል ምዕራፍ 17 ብዛዕባ ግጥም ዳዊትን ጎልያድን ይነግረና። ዳዊት ከኣ ንንጉሥ ሳኦል "ብዛዕባዚ ሓደ ሰብ ኣይሸበር። ኣነ ጊልያኻ ኸይደ ምስ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኺዋጋእ እየ' በሎ። . . . 'እቲ ካብ ኢድ ኣንበሳን ካብ ኢድ ድብን ዘድኃነኒ እግዚኣብሔር፡ ካብ ኢድ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኬድኅነኒ እዩ' በለ። . . . ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጥኤማዊ፦ 'ንስኻ ብሴፍን ብዀናትን ብመዝረቕን ትመጽኢ ኣሎኻ። ኣነ ግና ብስም እቲ ዅሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር በቲ ንስኻ እተባጫወሉ ዘሎኻ ኣምላኽ ሠራዊት እስራኤል፡ እመጸካ ኣሎኹ፣ . . . ኣነ ከኣ ኽቐትለካ፡ ንርእስኻውን ክቘርጽ እየ፣ . . . ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ፡ ዅላ ምድሪ ኽትፈልጥ እያ።" ይብል።<br>• መዝሙር ከኣ ብዛዕባ እቲ ዝተዓወተ ንጉሥ ንኣምላኽ ኬመስግኖ ከሎ የቕርበልና። "ኣታ ሰልፊ እትምህረኒ፡ ንውግእውን እተዳልወኒ ሓላውየይ ዝዀንካ እግዚኣብሔር ተመስገን። . . . ንነገሥታት ዲል እትህብ፡ ንዳዊት ባርያኽ ካብ ክፉእ ሰይፊ እተድኅን ንስኻ ኢኻ።" ይብል።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ነቲ ኢዱ ዝለመሰት ሰብ ከም ዘሕወየ ይነግረና። ኢየሱስ ነቶም ፈሪሳውያን፡ "ብሰንበትሲ ጽቡቕ ምግባዶ ወይ ክፉእ ምግባር፣ ነፍሲ ምድኃንዶ ወይ ምቕታል ይግባእ!' በሎም። ንሳቶም ግና ኣጽቀጡ። . . . ነቲ ሰብኣይ ከኣ፡ 'ኢድካ ዘርግሕ' በሎ፣ ንሱ ድማ ዘርግሓ፣ እታ ኢዱውን ሓወየት።" ይብለና።<br><br>ዳዊት ብስም እግዚኣብሔር ንሕዝበ እግዚኣብሔር ካብ ጸላእቶም ኬድኅን ከሎን፣ ኢየሱስ ከኣ ነቶም መስኪን ደቂ እግዚኣብሔር ብሕማምን፡ ብማእሰርቲ እቲ እኩይን፡ ብኃጢኣትን ዝሳቐዩ ዝነበሩ ሰባት ክፍውሶም ከሎ ንርኢ። መንግሥቲ ኣምላኽ ናይቶም ኣብ ኣምላኽ ዚኣምኑን ዚውከሉን ትሑታት እያ እምበር ናይቶም ዕቡያት ኣይኮነትን። ኣምላኽ ከኣ ነቶም ብስሙ ምእንቲ ድኅነትን ሰፍሓትን መንግሥቱን ዚዋግኡ ዓወት ከም ዝህቦም ቃል ኣምላኽ ይምህረና ኣሎ። ኣብ ዙርያና ብዙሕ ዝዓይነቱ ውግእ ኪካየድ ንርኢ ኣሎና። ኣብ ሞንጎ ዓድታትን፡ ሥድራቤታትን፡ ማኅበራትን፡ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋትን ኣሓትን ጽልእን ቂምን በቐልን ንርኢ ኢና። ስኸ ኢልናዶ ንርአ ወይስ ብትብዓት ከም ዳዊት ናይ ኣምላኽ ውግእ ንዋጋእ? ዳዊት ናብ ጎልያድ ወንጭፉ ሒዙ ኪኸይድ ከሎ ዝረኣይዎ ኩሎም "እዚ ወዲ ብክፉእ ክጠፍእ እዩ" እናበሉ ርእሶም ዘድነኑን ገጾም ዝኸወሉን ብዙሓት ከም ዝነበሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነቲ ሰብ ኣይኽእሎን እዩ ዝበሃል ውግእ ክገጥሙ ንዝብገሱ ሰብ እምነት ተቐላጢፍና ንኹንኖም ኢና። ካብ "እንታይ ክፉእ ኢና ንርኢ ዘሎና!' ወይ 'ጠፉእና፣ ተዋረድና እምበር!" እንዳበልና ካብ ምጕርምራም፡ ኣምላኽ እምነት ክውሰከና እሞ፡ ነቲ ምእንቲ ሰላምን ሕውነትን ሓድነትን ሕዝቢ እግዚኣብሔር (ሥድራቤታት፡ ማኅበራት፡ ቍምስናታት፡ ዓድታት፡ ወ.ዘ.ተ.) ዝግበር ውግእ፡ ወንጭፍ እምነት ሒዝና ንበገሰሉ። "ኦ ኣምላኽ እምነት ወስኸና። ምእንቲ ሕውነትን ፍቕርን ኣከባቢና ክንዋጋእ ትብዓት ሃበና።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 21 **ጥሪ** | 1 **ሳሙ** 18፣ 6-9, 19፣ 1-7<br>**መዝ** 56፣ 2-3, 9-13<br>**ማር** 3፣ 7-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1 ይ ሳሙኤል 18ን 19 ብዛዕባ ሳኦል ንዳዊት ክቀንኣሉ ከም ዝጀመረን ኪቐትሎ ከም ዝፈተንን ይነግረና። "ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና ንዳዊት ብዙኅ የፍቕሮ ነበረ። ዮናታን ከኣ ንዳዊት 'ኣቦይ ሳኦል ኪቐትለካ ይደሊ ኣሎ፣ በጃኻ ጽባሕ ንግሆ ተንቀቕ፣ ናብ ስቱር ቦታውን ኣልጊስካ ተሓባእ። ኣነ ኸኣ ኣብታ ንስኽ ዘሎኻያ ግራት ኣብ ጥቓ ኣቦይ ደው ኢለ፣ ብዛዕባኻ ኺዛረቦ እየ፣ ገለ እንተ ፈለጥኩ ኸኣ ክነግረካ እየ' ኢሉ ነገሮ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 56 ከኣ "ኩሉ መዓልቲ ጸላእተይ የሳድዱኒ ኣለዉ፣ ብትዕቢቶም ዚዋግኡኒ ብዙኃት እዮም። በቲ ዝፈርሃሉ ግዜ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ። . . . በታ ናባኻ ዘእውየላ መዓልቲ ጸላእተይ ንድሕሪት ኪምለሱ እዮም፣ በዚ ንስኻ ኣምላኽ ምሳይ ከም ዘሎኻ ኽፈልጥ እየ። . . . ካብ ሞት ኣድሒንካኒ፡ ሰንከልከል ከይብልውን ረዲእካኒ ኢኻ እሞ፣ እቲ ዘበልኩዎ መብጽዓ ኽፍጽመልካ እየ፣ መሥዋዕቲ ምስጋና ኸኣ ኽቕርበልካ እየ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕ 3 ከኣ ኢየሱስ ክሰብኽ ከሎ ብዙሕ ሕዝቢ ይስዕቦ ከም ዝነበረ ይነግረና። "ካብ ይሁዳን ካብ ገሊላን ከኣ ብዙኅ ሕዝቢ ሰዓቦ። ኣዝዩ ብዙኅ ሕዝቢ ነቲ ኹሉ ዝገበሮ ሰሚዑ ድማ ካብ ኤሩሳሌም፡ ካብ ኤዶምያስ፡ ካብ ማዕዶ ዮርዳኖስ፡ ካብ ዙርያ ጢሮስን ሶዶናን ናብኡ ተኣከበ። . . . ንብዙኃት ኣሕውይዎም ነበረ እሞ፣ ሕማም ዘሎዎም ኩሎም ምእንቲ ኺትንክይዎ ኣብኡ ኺሳዕ ዚወድቑ ይደፋፍኡ ነበሩ። ርኹሳት መናፍስቲውን ምስ ረኣይዎ፡ 'ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ" ኢሎም እናጨደሩ ኣብ ቅድሚኡ ይድፍኡ ነበሩ።" ይብለና።<br><br>ዳዊት በቲ ንምድኃን እስራኤል ዝገብሮ ዝነበረ ውግኣት ዓወት ረኺቡ ክምለስ ከሎ፡ ኩሉ ሕዝቢ ፈትይዎ ክስዕቦ ከሎ፣ ንጉሥ ሳኦል ግን ርኹስ መንፈስ ተቖጻጺርዎ ስለ ዝነበረ፣ ንዳዊት ብቕንኢ ኪቐትሎ ደለየ። ኢየሱስ ከኣ ብሥልጣን ይሰብኽን ብኃይሊ ተኣምራታቱ ይፍውስ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ሕዝቢ ይስዕቦ ነበረ። እቶም መራሕቲ ኣይሁድ ግና ይቀንኡሉን ክቐትልዎ ይደልዩ ከም ዝነበሩ ንፈልጥ። ንሕናውን ብዓቕምና ንክብሪ እግዚኣብሔር ነሕዋትና ኣሓትናን ከነገልግሎም ከሎና፣ እቲ እኩይ ብተግባርና ይቐንእን ክዕንቅፈና ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር እዩ። ካብ ኣሕዋትናን/ኣሓትናን ኣንጻርና ከም ዝለዓሉ ኪገብር ይከኣሎ እዩ። በቲ እንፈርሃሉ ሰዓት ናብ ኣምላኽ ጥራይ ንወከል፣ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነእዊ፡ ጸላእትና ከኣ ንድሕሪት ኪምለሱ እዮም፡ እምበር ኣይክስዕሩናን እዮም። ሽዑ ኣምላኽ ምሳና ከም ዘሎ ክንፈልጥ ኢና። "ኦ ጐይታ ኣብታ ዝፍተነላ መዓልቲ ኣይትግደፈኒ። ነታ ንስኻ ዘርኣኻኒ ቅንዕቲ መንገዲ ገዲፈ፡ ሰብ ፈሪሐ ከይዝምብል ደግፈኒ። ኩሉ ግዜ ንኣኻ እሙን ክኸውን ሓግዘኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 22 ጥሪ | 1 **ሳሙ** 24፥ 3-21<br>**መዝ** 57፥ 2-4, 6, 11<br>**ማር** 3፥ 13-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል ምዕ 24 ብዛዕባ ዳዊት ነቲ ኪቐትሎ ደልዩ ዝሃድኖ ዝነበረ ንጉሥ ሳኦል፡ ኽቐትሎ ኣናኸኣለ እንከሎ "ንሱ ቕቡእ እግዚኣብሔር እዩ እሞ፣ ንጐይታይ፡ ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሔር፡ ኽቐትል ኢለ ኢደይ ካብ ምልዓል እግዚኣብሔር ይሠውረኒ" ብምባል ከም ዝነሓፎ ንርኢ።<br>• መዝሙር 57 ከኣ "ናብ ልዑል ኣምላኽ፡ ናብቲ ዜድልየኒ ዘበለ ዚህበኒ ኣምላኽ አእዊ ኣሎኹ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ሰሚዑ ኼድኅነኒ እዩ፣ ነቶም ዜጥቅዑኒ ኸኣ ኺድምስሶም እዩ፣ ምሕረቱን ሓቁን ኪልእከለይ እዩ። . . . ጸላእተይ ኪኅዙኒ መጻወድያ ኣጻወዱለይ፣ ኣነ ኸኣ ብምጭናቕ ጐበጥኩ፣ ኣብ ቅድመይ ጉድጓድ ኰዓቱ፣ ግናኸ ባዕላቶም ኣብኡ ወደቑ። . . . ኦ ኣምላኽ ዕቤትካ ኣብ ሰማያት ግለጽ፣ ክብርኻ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ኣርኢ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕ 3 ከኣ ብዛዕባ ምጽዋዕ 12 ሓዋርያቱ ይነግረና። "ኢየሱስ ናብ እምባ ደይቡ ነቶም ዝደለዮም ጸውዖም፣ ንሳቶም ከኣ ናብኡ መጹ። ምስኡ ምእንቲ ኪኾኑን፡ ኪሰብኩ ምእንቲ ኪልእኮምን፡ ዓሠርተ ክልተ 'ሓዋርያት' ሸመ።" ይብለና።<br><br>ዳዊት ምስቶም ዝሰዕብዎ ዝነበሩ ውሑዳት ኣብ በረኻታት እስራኤል እናተሓብአ ይንቀሳቐ ነበረ። ኣምልኽ ንሕዝቡ ኪመርሕ ከም ዝቐብኦ ይፈልጥ እኳ እንተነበረ፣ ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ብሓዊ ተፈቲኑ ምእንቲ ከም ዝጸሪ ይገብሮ ነበረ። ነቲ ክስከሞ ዝንበሮ ሕዝበ እስራኤል ናይ ምምራሕ ከቢድ ሓላፍነት ምእንቲ ክዓሎን፡ ኩሉ ግዜ ካብ ኣምላኽ ምጽባይ እንታይ ምዃኑ ኣጸቢቑ ምእንቲ ኺፈልጥን፡ ብምድረበዳ ከም ዝሓልፍ ይገብሮ። ኢየሱስ ከኣ ንሓዋርያቱ መንግሥቱ ንምምራሕ ምስ ጸውዖም፡ ንስብከተ ወንጌልን ነቲ ኪበጽሖም ዝነበሮ ስደትን መከራን ኪፈልጥዎን ኬዳልዎምን ክጅምር ከሎ ንርእዮ። ናይ ሰብ ባህርይ ከይተርፍ፡ ሓዋርያቱ ኣብ መንግሥቱ መኖም ኮን ብየማኑ ወይ ብጸጋሙ ይሸየም ይኸውን ኢሎም ክወዳደሩ ከሎዉ፣ ኢየሱስ ግና እታ ናይ መስቀል ጽዋዕ ኪፈልጥዋ ይምህሮም። መንግሥቲ እግዚኣብሐር ብሥጋውን ዓለማውን ኣተሓሳስባ ዚምራሕ ኣይኮነን። ካብዚ ኣተሓሳስባ ተፈቲኑ ዚወጸ ሰብ ጥራይ እዩ ንዕብየት መንግሥቲ ኣምላኽ ኪሰርሕ ዝኽእል። "ኦ ጐይታ፡ ኣተሓሳስባና ካብ ኣተሓሳስባኻ ዝተፈልየ እዩ እሞ፣ ንሓሳባትካ ኬስተውዕሎ ምሃረኒ። ብኣተሓሳስባ ሰብ ተመሪሐ ቤትካ ኣብ ክንዲ ምሕናጽሲ ከየፍርስ ሓልወኒ። ንመሪሕነት ቤተክርስቲያንካ ዚበቕዑን፡ ጽዋዕካ ኪሰትዩ ዝኽእሉን ቅዱሳት መራሕቲ ኩሉ ግዜ ክትሰደልናን ከኣ እልምነካ ኣሎኹ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 23 **ጥሪ** | 2 **ሳሙ** 1፡ 1-4፣ 11-12, 19, 23-27<br>**መዝ** 80፡ 2-3, 5-7<br>**ማር** 3፡ 20-21 | ካብዚ ዘንብብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል 1ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ሞት ሳኦልን ወዱ ዮናታንን የዘንቱ። ዳዊት ከም ዘበኸየሎምን ዝሓዘነሎም ከኣ ንርኢ።<br>• መዝሙር 80 ከኣ "ኣብ ቅድሚ ነገዳት ኤፍሬምን ቢንያምን ምናሴን በሪህካ ተገለጽ። ኃይልኻ ኣርእየና፡ ንምድኃንናውን ንዓ። ኦ ኣምላኽ ሓዲሽ ሕይወት ሃበና፣ ክንድኅን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና። . . . እንጌራ ንብዓት ኣብላዕካና፡ ብመስፈር ከኣ ንብዓት ኣስተኻና። ጐረባብትና ዝኾና ሃገራት ከም ዚስሕቃና ገበርካ፣ ጸላእትናውን የላግጹልና ኣለዉ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 3 ኣዝማድ ኢየሱስ ዓቢዱ ሰሚዖም ክሕዝዎ ከም ዝመጹ ይነግረና። "ኢየሱስ ናብ ቤት ምስ ኣተወ ኸኣ ንሱን ደቀ መዛሙርቱን እንጌራ ምብላዕ ክሳዕ ዚስእኑ ከም ብሓዲሽ ብዙሕ ሕዝቢ ተኣከበ። እቶም ኣዝማዱ ኸኣ 'ዓቢዱ እዩ' ኺብልዎ ሰሚዖም ኪኃዝዎ መጹ።" ይብለና።<br><br>ዳዊት ንሳኦል ከም ቅቡእ ኣምላኽን ንጉሥ እስራኤልን የኽብሮን ይእዘዞን ከም ዝነበረ ንርኢ። ሳኦል ኺቐትሎ ክደልዮ ከሎ ከይተቐየመሉ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ፡ ካብኡ ኪሃድመሉ እንተዘይኮይኑ፡ ክቃወሞ ኣይሓሰበን። ምስ ሞተ ከኣ ከም ንንጉሥ እስራኤል ዚግባእ ሓዘን ይገብረሉ። እግዚኣብሔር ከም ዝሸይምን ዘውርድን ጽቡቕ ገይሩ ተረዲእዎ ነይሩ። ኣምላኽ ባዕሉ ነታ ዘተስፈዎ መንግሥቲ ክሳዕ ዘረክቦ ድማ ባዕሉ መንዚዑ ኪወስዳ ኣይደለየን። ፈሪሳውያን ንሕጊ ኣምላኽ ዝፈልጡ ሊቃውንቲ ክነሶም፡ ንኢየሱስ ግና ክጻረርዎ ንርኢ። ከም መምህር ብፍላይ ብሥልጣን ኣምላኽ ኪዓዩ ከሎ ይቐንኡሉ ነበሩ። ሥልጣኖም ዝተገፈ ኮይኑ መሰሎም። ናቱ ልዕል ምባል ናታቶም ውርደት ኮይኑ ይስምዖም ነበረ። ከምቲ ዮሓንስ መጥምቕ ዝገበሮ "ንሱ ኪልዕል ኣነ ከኣ ክትሕት ይግባእ እዩ" ምባል ኣይከኣሉን። ነቲ ወዲ ኣምላኽን ዘለዓለማዊ ንጉሥና ዝኾነ ኢየሱስ 'ጋኔን ኣሎዎ' ናበሉ ስሙ የኽፍኡ ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ኣዝማዱ ከይተረፉ ሓቂ መሲልዎም ክወስድዎ ከም ዝመጹ ንርኢ። ሰይጣን ሥልጣኑ ዚደፍር ኃያል ሓዲሽ ንጉሥ ስለ ዝረኣየ፣ ኪቃወሞ ተላዕለ። ነቶም ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ዝበሃሉ ግና ንስራሕ ኣምላኽ ከለልይዎ ዘይኽእሉ ሰባት ኣለዓዒሉ ንኢየሱስ ኪቃወሞ ንርእዮ ኣሎና። ንሕናውን ነቶም ኣምላኽ ንኣገልግሎቱ ዝቐብኦም ሰባት ከይንደፍርን፡ ከይንንዕቐን (ዋላ እንተ ኀደሉ) ክንጥንቀቕ ይግብኣና። ቅብኣቶም ንኣምላኽ እዩ ዘውክል እሞ እንጻሮም ኢድና ከይነልዕል ሎሚ ካብ ዳዊት ንመሃር ኣሎና። ክንመክርን ክንድግፍን ክንጽልየሎምን ግና ግቡእና እዩ። ብከንቱ ዘረባን ሕሜትን ቤት ኣምላኽ ኣይትሕነጽን እያ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ መገድታት ኣምላኽ ብዘይ ብምርድእና ኣብ ስራሕካ ዕንቅፋት ንኾነካ ኢና። ንኣገልገልትኻ ሰሞም ዘኽፉእናሉ ግዜ እውን ኣይተሳእነን። ስለዚ ኦ ጐይታ መጋበሪ ድኅነት ነፍሳት ደኣምበር ዕንቅፋት ካብ ምኳን ሓልወኒ።" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>24 ጥሪ</td><td>ነህምያ 8፡ 2-4, 5-6፣ 8-10<br>መዝ 19፡ 8-10, 15<br>1 ቆሮ 12፡ 12-30<br>ሉቃ 1: 1-4, 4: 14-21</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<ul><li>መጽሓፍ ነህምያ 8ይ ምዕራፍ ብዛዕባ እዝራ እቲ ካህንን ጸሓፍን ነቲ ሕዝቢ ቃል ሕጊ ከም ዘንበበሎም ይነግረና። “ኩሎም እቶም ሕዝቢ ከኣ ቃል ሕጊ ምስ ሰምዑ በኸዩ። ነህምያን እቲ ገዛኢ ሃገርን፡ እዝራ ካህንን ጸሓፍን፡ እቶም ንሕዝቢ ዜተምህሩ ዝነበሩ ሌዋውያንን ንዅሉ እቲ ሕዝቢ ‘እዛ መዓልቲ እዚኣ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተቐዲሳ እያ እሞ፡ ኣይትሕዘኑን ኣይትብከዩን’ በልዎም።” ይብለና።</li><li>መዝሙር ከኣ “ኣምላኽ ኣነ ኽይኃልፍ ኢሉ ንመንገደይ ዓጾዎ፣ ነተን መተኃላለፍየይ ብጸልማት ኣጒልበበን። ንሱ ንኽብረተይ ቀንጠጦ፡ ንዘውደይውን ካብ ርእሰይ ወሰዶ። ብኹሉ ወገነይ ኣውዲቑኒ እዩ እሞ ጠፊእኩ። ንተስፋይ ከም ኦም መንቍሶ። . . . ኣጋይሸይን እግራደይን ከም ባዕዲ ቈጸሩኒ፣ ጓና መሲለ ተራእኽዎም።” ይብለና።</li><li>1ይ መልእኽቲ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ብዛዕባ እቶም ዝተጠመቕና ዘበልና ሓደ ኣካል ክርስቶስ ከም እንቕውም ይነግረና። “እምበኣርከስ ንስኻትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኹም፣ ነፍስ ወከፍኩም ከኣ ኣካላቱ ኢኹም። ኣምላኽ ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ብመጀመርያ ሓዋርያት፡ ካልኣይ ነብያት፡ ሣልሳይ መማህራን፡ ደኃር ተኣምራት ዚገብሩ፣ ናይ ምፍዋስ ውህበት ዘለዎም፣ ዚሕግዙ፡ ዜመኃድሩ፡ በብዓይነቱ ቛንቋታት ዚዛረቡ ሠርዐ። ኩላቶምዶ ሓዋርያት እዮም? ኩላቶምዶ ነብያት እዮም? ኩላቶምዶ መማህራን እዮም? ኩላቶምዶኸ ገበርቲ ተኣምራት እዮም? ኩላቶምዶ ውህበት ምፍዋስ ዘለዎም እዮም? ኩላቶምዶ ቛንቋታት ይዛረቡ እዮም? ኩላቶምዶኸ ይትርጉሙ እዮም?” ይብለና።</li><li>ወንጌል ሉቃስ 1ይ ምዕራፍ ከኣ ክጅምር ከሎ፡ “ልክዕ ከምቲ በቶም ናይ መጀመርያ ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን፡ ናይቲ ቃል ኣገልገልትን፣ ኣባና ዝተመኃላለፈ፣ . . . ናይቲ ዝተመሃርካዮ ነገራት ርግጽነት ኣጸቢቕካ ምእንቲ ክትፈልጥ፣ ኣከታቲለ ኽጽሕፈልካ ቕኑዕ ኮይኑ ተራእዩኒ ኣሎ።” ቀጺሉ ኣብ 4ይ ምዕራፍ፡ “ኢየሱስ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ናብ ገሊላ ተመልሰ፣ ዝናኡውን ኣብ ኩሉ እቲ ኸባቢ ተሰምዐ። ንሱ ከኣ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣትዩ ይምህር ነበረ፣ ኩሎምውን የመስግንዎ ነበሩ።” ነቲ ቃል ትንቢት ኢሳያስ ሽዑ ከም ዝተፈጸመ ይነግሮም፡ “ . . . ንድኻታት ከበሥሮም ስለ ዝቐብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፣ ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ምውፃእ ሓራ ከበሥር፡ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ።” ይብል።</li></ul>ቃል ኣምላኽ ተጻሒፉ ዝተመሓላለፈልና ኢየሱስ እቲ መድኃኒ ምኳኑ ፈሊጥና ምእንቲ ክንቅበሎን ክንስዕቦን ምኳኑ እዩ። ኢየሱስ ቃል ኣምላኽ ብርእሱ እዩ። ካብ ሰማይ ዝወረደ ቃል፣ እቲ ንልባትና ዜብርህን ዑረትና ዜጥፍእን ቃል እዩ። ንሱ ነቶም ብኃጢኣት ምሩኻት ኣብ ትሕቲ መንግሥቲ ሰይጣን  ዝነበሩ ዜድኅንን፣ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ዜእቱን ዜንብርን እዩ። ቤተክርስትያኑ እቲ ሓዲሽ ሕዝቢ እግዚኣብሔር እያ። ኩላትና እቶም ኣመንቲ በቲ መንፈስ ቅዱስ ዚህበና ውህበታት ተደጊፍና፡ ነታ ኣካል ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስቲያን ንሓንጻን ነዕብያን። ናይ ድኅነት ብስራት ከኣ ንዓለም ነብጽሓላ። ቤተክርስቲያን ሥርዕቲ እያ። ሓዋርያት ዝመራሕታ፡ ብነብያትን፡ መማህራንን፡ ኣመሓደርትን ተደጊፋ ከም ሓደ ጥሙር ኣካል ትሰርሕ። ኩሉ ኣገልግሎት ከኣ ኣብ ውህበት መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝምርኰስ። ኩላትና ከኣ ኣእጃምና ኣሎና። ውህበትና ኣለሊና ክንዓዪ ግቡእና እዩ። “ኦ ጐይታ ከም ተዓዛባይ ዘይኮነስ፡ ከም ተዋስኣይ ውህበተይ ኣለልየ ከም ዘገልግለካ ግበረኒ።”</td></tr>
</table>